KidsAbility

መስከረም 2023

ክቡራንን/ራትን ወለድን መዕበይት፥

ኣብ'ዚ ዓመተ-ትምህርቲ'ዚ፡ ሓደ ብዛዕባ ሥነ- ኣእምሮኣዊ-ፍወሳ ሠራሕተኛ ዚግደስ ኣካል ማለት ካብ ክፍሊ ብቕዓተ-ተኽእሎ ቈልዑ፣ ሕጂውን ደጊሙ ኣብ ቤት-ትምህርትና ምስ ዚሠርሑ መምህራንን ተመሃሮን ሓቢሩ ንኪሠርሕ ተዳልዩ ኣሎ።

ኣባላት ናይ ሥነ-ኣእሞሮኣዊ-ፍወሳ ትካል ሠራሕተኛ፡ ማለት ናይ ሥነ-ጥዕና ሰብ-ሞያ ዚኾኑ ሰባት፡ ኣተኲሮኦም ናብ መዓልታዊ ንጥፈታት ሕይወት ዚጥምት እዩ።

እዚ ዚተባህለ ትካል፣ ሥነ-ኣእምሮኣዊ-ፍወሳ ሠራሕተኛ፣ ኣብ ሥሩዕ መሠረታዊ ሓገዝ ናይ ክፍልታት መምህራን ኣብያተ-ትምህርትና፡ ኣብ ከም ምውስዋስ ኣካላት ፡ ኣብ ሜዳ መጻወቲታት ኪሠርሕ እዩ።

ትካል ሥነ-ኣእምሮእዊ-ፍወሳ ሠራሕተኛ ፡ ንትዕዝብቲ ኣብ ደቅኹም ዚመሃሩሉ ክፍሊ ኪኣቱ ይክእል። እዚ ዚተባህለ ትካል፡ ናይ ክፍልታት መምህራን ኣብ ንኩላቶም ተመሃሮ ኪጠቕሙ ዚኽእሉ ኣብ ሓፈሻዊ ኣገባብ ወይ ሜላ ኣመሃህራ ኪሕግዞም ይኽእል።

እዚ ደገፍ'ዚ፡ ናብ 'ርእሰ -ምእላይ' ዚምልከቱ ንጥፈታት ተመሃሮ ንኣብነት (ከም ኣለባብሳ ክዳን ኣብ ጊዜ ዕረፍቲ) ኣጠቓቕማ መቐስ፣ ኣተሓሕዛ ርሳስ፣ ሓፈሻዊ ጽሕፈት፣ ቅርጻዊ ጽሕፈት፣ ታይፒን፣ ኣድህቦ ኣብ ክፍሊ (ንኣብነት ከም ብሳዕሳዒት ዚተሠነዩ ምውስዋስ ኣካላት) ፣ ከምኡ'ውን ተሳትፎ ኣብ ሓፈሻዊ ምውስዋስ ኣካላትን ጸወታታትን ዚኣምሰሉ እንኪኾኑ፡ ናይ ውላድኩም መምህር ካብ'ዚ ናይ ሥነ-ኣእምሮኣዊ-ፍወሳ ሠራሕተኛ ንዚቕሰሞም ሓሳባት፡ ከመ ጌርካ ኣብ ገዛኻ ንኬተዘውትሮም ኬካፍልኩም ይኽልእል'ዩ።

እዚ ካብ'ዚ ዚተተቕሰ ትካል ዚቕሰም ሓፈሳዊ ደገፍ ፣ ዓይነቱ ከከም ኣድላይነቱ ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ኪፈላለ ይኽእል።

ገለ ተመሃሩ ካብ'ዚ ትካል'ዚ ብዙኅ ደገፍን ሓገዝን ኪረኽቡ ይኽእሉ። እዚ ከኣ በቲ 'ሓደ-ምስ-ሓደ' ማለት ካብ እንካን-ሃባን ሥራሕ ወይ ድማ ብጉጅለ ብምሥራሕ ኪኸውን ይኽእል።

ውላድኩም ካብ'ዚ ውልቃዊ ደገፍ ዚያዳ ኪረብሕ እንተኾይኑ፡ ምስ መምህር ውላድኩም ብምርኻብ ዚያዳ ሓበሬታ ክትቀስሙ ትኽእል ኢኹም።

ምእንቲ’ዚ፡ ውላድኩም ካብ’ዚ ዚተጠቕሰ ትካል ኪጥቀም ይኽእል’ዩ ዚብል እምነት እንተሊዩኩም፡ ኣብ ዚጥዕመኩም እዋን ምስ መምህር ቈልዓኹም ተራኺብኩም ኪትዋሃሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ’ዚ ኲሉ ጒዳያት ዚምልከት ሕቶ ወይ ርእይቶ ምስ ዚህልወኩም፡ ንዓይ ወይ ንመምህር ቈልዓኹም ክትረኽበና ከም እትኽእሉ፡ ብኣኽብሮት እሕብረኩም።

ኃላፊ ትምህርቲ---------------------------

ቤት/ ትምህርቲ-----------------------------. ቀ.ስ. ቤት/ትምህርቲ------------------.